# ናብ ንጹሕ ልበ ድንግል ማርያም ዝግበር ጸሎት ወፈያ

ኦ ኣደ ኣምላኽን ኣደናን ዝኾንኪ እግዚእትነ ማርያም፡ ኣብዛ ናይ ጸበባ ሰዓት እዚኣ ናባኺ ንጉዪ ኣሎና። ንስኺ ኣደ ኢኺ፡ ተፍቅርናን ትፈልጥናን ኢኺ፣ ኣብ ልብ ሒዝናዮ ካብ ዘሎና ካባኺ ዝሕባእ ሓንት'ኳ የልቦን። ኦ እመ ምሕረት፡ ወትሩ ናብ መሰፍን ሰላም ኢየሱስ ስለ እትመርሕና፡ ብዙሕ ግዜ ሓልዮት ዝመልኦ ርሕራሔኽን ሰላም ዘምጽእ ህላዌኽን ኣስተማቂርናዮ ኢና።

እንተኾነ ንሕና መንገዲ ሰላም ኣጥፊእናያ ኢና። ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ኣብ ውግኣት ዓለም ናይ ዝወደቁ ብሚልዮናት ዝቍጸሩ ዘሰቅቅ መሥዋዕቲ ትምህርቲ ረሲዕናዮ። ከም ማሕበር ሃገራት ንዝኣቶናዮ መብጽዓ ሸለል ብማለት ሕልሚ ሰላም ኣህዛብን፡ ተስፋታት መንእሰያትን ጠሊምና። ሕማም ስስዐ ኣጥቂዑና፡ ኣብ ጸቢብ ሃገራዊ ጥቅምታትና ተዓጺና፡ ዘይተገዳስነት ከድርቀና ንኣይ ይጥዓመኒ ዝብል መንፈስ ከኣ ከልምሰና ፈቂድና። ንእግዚእብሔር ካብ ሕይወትና ጕሲና፡ ናይ ብጻይናን ናይታ ሓባራዊት ቤትናን ሓለውቲ ምዃና ረሲዕና፡ ምስ ከንቱነትና ክንነብር፡ ከምኡ እውን ዓመጽ ብምትብባዕ፡ ሕይወታት ክንቀዝፍን ኣጽዋር ውግእ ክንኩምርን መሪጽና። ንቦታ ኣታኽልቲ ምድርና ብውግእ ኣባዲምናዮ፣ ብኃጢኣት ከኣ ነቲ ከም ኣኀዋትን ኣኃትን ንዘፍቅረና ልቢ ሰማያዊ ኣቦና ኣቍሰልና። እንትርፊ ንገዛእ ርእስና ንኩሎምን ንኩሉ ጉዳያትን ሸለል በልና። ሕፍረት ተጐልቢብና ኦ ጐይታ መሓረና ንብል ኣሎና።

ንስኺ ኦ ቅድስት ኣደ፡ ኣብ ሓሳረ-መከራ ሓጢኣትናን ኣብ ድኻምናን ተኣፈፍነትናን፡ ኣብ ምሥጢረ ክፍኣተ-ግብርን ውግእን እንከሎና፣ እግዚአብሔር ከምዘይሓድገና፡ እኳ ደኣ ንክምሕረናን ዳግም ንከተንሥኣናን፡ ብፍቅሪ ናባና ምጥማቱ ከምዝቅጽል ተዘኻኽርና። ንዓኺ ዝሃበናን፡ ንቤተክርስትያንን መላእ ውሉድ ሰብን፣ ኣብ ዑቍባ ንጹሕ ልብኺ ዘንበረን፡ ንሱ እዩ። ኣብቲ ጸጸኒሑ ዝደጋገም ስቓያት ታሪኽና፡ ብመደብ መለኮታዊ ሕያውነት ምሳና ኰንኪ፡ ወትሩ ብለውሃት እትመርሕና ንስኺ ኢኺ።

ሕጂ ኸኣ፡ ኦ ወትሩ ካብ ምብጻሕናን ንንስሓ ካብ ምዕዳምናን ዘይሰልክየኪ ኣደ፡ ንሕና ፍቍራት ደቅኺ ናባኺ ንጉዪ ኣሎና፤ ማዕጾ ንጹሕ ልብኺ ንኩሕኩሕ ኣሎና። ኣብዛ ጸልማት ዝወረራ ሰዓት እዚኣ፡ ንክትረድእናን ክተጸናንዕናን ንዒ። ንነፍስወከፍና፣ 'ኣነ ኣደኻ/ኺ፣ ኣብዚዶ ኣየሎኹልካን/ክን እየ?' በልና። ንስኺ ንሕልኽላኻት ልብናን፡ ንቍጻራት ዘመንናን፡ ከመይ ገቢርካ ከምዝፍትሑ ትፈልጢ ኢኺ። እምንቶና ኣባኺ ንገብር ኣሎና። ብፍላይ ኣብ ግዜ ፈተና፡ ንምህለላና ዕሽሽ ከምዘይትብልዮን፡ ንክትረድእና ከም እትመጽን ርግጸኛታት ኢና።

ኣብ ቃና ዘገሊላ፡ ኢየሱስ ገና ጊዜኡ ከይበጽሐ ክሰርሕ ብምቅልጣፍ፡ ቀዳማይ ተኣምራቱ ኣብ ዓለም ከም ዝረኤ ዝገበርኪ ንስኺ ኢኺ። ነቲ በዓል ኃዘን ከንጸላልዎ ምስ ጀመረ 'ወይኒ እምበር የብሎምን' (ዮሓ 2,3) በልክዮ። ኦ ኣደና! ከምቲ ሽዑ፡ ሎሚ'ውን ወይኒ ተስፋና ተወዲኡ፡ ታሕጓስና በኒኑ፡ ሕውነትና ተዘሪጉ ስለዘሎ፣ ንእግዚአብሔር ነታ ናይ ሽዑ ልመናኺ እንደገና ድገምሉ። ሰብኣውነትና ኣጥፊእና፡ ንሰላም ከኣ ኣዕኒና። ዝኾነ ዓይነት ዓመጽን ዕንወትን ክንፍጽም፡ ድሕር ዘይንብል ኰይንና፣ ስለዚ እናታዊ ረድኤትኪ ብህጹጽ የድልየና ኣሎ።

ኦ እኖና!ሃየ ደጊምስ ነዚ ምህለላና ተቐበልዮ።

ኦ ኮኾብ ባሕሪ፡ ኣብ ማዕበል ውግእ ክንጥሕል ኣይትሕደግና።

ኦ ጽላት ሓዲስ ኪዳን፡ ናይ ዕርቂ መደባትን መንገድታትን ኣብ ልባትና ኣስተንፍሲ።

ኦ ምድረ-ሰማይ፡ ናይ እግዚአብሔር ዕርቀ-ሰላም ናብ ምድሪ ኣውርድልና።

ንሓዊ ጽልኢ ኣጥፍኢ፣ ንሕነ-ምፍዳይ ኣዝሒልኪ ይቕረ-ሓድሕድ መሃርና።

ካብ ውግእ ሓራ ኣውጽእና፣ ንዓለም ካብ ሓደጋ ኑክለራዊ-ውግእ ሰውርና።

ኦ ንግሥቲ ዘጥቀ ቅዱስ ሮዛርዮም፡ ኣብ ልባትና ኣድላይነት ጸሎትን ፍቕርን ኣነቓቕሒ።

ኦ ንግሥተ ስድራቤት ውሉድ-ሰብ፡ ንሕዝቢ ዓለምና መንገዲ ኅውነት ሓብሪ።

ኦ ንግሥተ ሰላም፡ ንዓለምና ሰላም ኣጕናጽፊ።

ኦ ኣደና፡ ብኽያትኪ ንዝደረቀ ልባትና ዘነቃቕሕ ይኹን። እቲ ምእንታና ዘፍሰስክዮ ንብዓት፡ ነዛ ጽልእና ዘድረቓ ቆላ ንብዓት ከምትዕንብብ ይግበር። ድምጺ ኣጽዋር ውግእ ገና ሱቀ ምባል ኣብዩሉ ኣብ ዘለወሉ ህሞት ጸሎትኪ ንሰላም ከም እንሰርዕ ይግበረና። ናይ ወላዲት ኣእዳውኪ ነቶም ካብ ደብዳብ ቦምባታት ዚሃድሙን ብኣኡ ዘሳቀዩን ይሕቘፉ። ናይ ወላዲት ሕቍፍኺ ነቶም ንብረቶምን ዓዶምን ክሓድጉ ዝተገደዱ የጸናንዕ። ኅዙን ልብኺ ንልባትና ናብ ርኅራኄ ኣንቀሳቒሱ፣ መዓጹ ልብና ከፊትና ነታ ዝቘሰለትን ዝተጓሕፈትን ሰብኣውነት እንከናኽን ይግበረና።

ኦ ቅድስት ኣደ ኣምላኽ፡ ኣብ ቀራንዮ ኣብ ትሕቲ መስቀል እንከሎኺ፣ ኢየሱስ ነቲ ኣብ ጥቓኺ ዝነበረ ረድኡ ብምርኣይ ‘እነሆ ወድኺ’ (ዮሓ 19,26) በለኪ፤ በዚ ከኣ ንነፍሰወከፍና ናባኺ ኣማዕቆበና። ጸኒሑ ከኣ ንረድኡ ብኣኡ ኣቢሉ ከኣ ንነፍሰወከፍና ‘እነሃ ኣደኻ’ (ጕ 27) በለና። ሕጂ ከኣ ኦ ኣደና፡ ኣብ ሕይወትናን ኣብ ታሪኽናን ክንቀበለኪ ንደሊ ኣሎና። ኣብዛ ሰዓት እዚኣ፡ ብኩሉ ኩሉ ዝተሓለሎን ዝጨነቆን ውሉድ-ሰብ፡ ኣብ ትሕቲ መስቀል ቀራንዮ ምሳኺ ደው ቢሉ ኣሎ። ዑቕባኺ የድልዮ ኣሎ፤ ብኣኺ ኣቢሉ ናብ ክርስቶስ ክውፈ ይደሊ ኣሎ። ብፍቅሪ ናይ ኣኽብሮት ስራሕ ዘቅርቡልኪ ሕዝቢ ኡክራይናን ሕዝቢ ራሻን፤ ልብኺ ስለኦምን ስለ ኩሎም እቶም ብውግእን፡ ጥሜትን፡ ፍትሒ ምስኣንን፡ ሓሳረ-መከራን ዝዕጸዱን እንክሃርም፡ ናባኺ ይጐዩ ኣለው።

እነሆ እምበኣር ኦ ኣደ ኣምላኽን ኣደናን፡ ንገዛእ ርእስናን ንቤተክርስትያንን ንመላእ ውሉደ ሰብን፡ ፍልይ ብዝበለ መንገዲ ከኣ ንራሻን ኡክራናን ብወግዒ ናባኺ ነማዕቍብን ነወፍን ኣሎና። ነዚ ኣባኺ ብምትእምማንን ብፍቅርን ንፍጽሞ ዘሎና፡ ናይ ወፈያ ጸሎት ተቀበሊ እሞ፤ ውግእ ደው ከምዝብል ግበሪ፤ ንዓለም ሰላም ኣውርዲ። እቲ ኣብ ግዜ ብሥራት፡ ካብ ልብኺ ዝመንጨወ እሺታ ንመዓጹ ታሪኽ ንመስፍን ሰላም ይኽፈተሉ። በቲ ኣዝዩ ቅዱስ ልብኺ ሰላም ከምዝመጽእ ዳግም ንተኣማመን። ንመጻኢ መላእ ስድራቤት ውሉድ-ሰብ፡ ግድነታትን ትጽቢታትን ሕዝብታት፣ ከምኡ እውን ስቃይን ተስፋን መላእ ዓለም ንዓኺ ነወፍዮ ኣሎና።

ብኣኺ ኣቢሉ፡ ኣብ መላእ ምድሪ፡ መለኮታዊ ምሕረት ይፍሰስ፤ ጥዑም መቓልሕ ሰላም ንመዋዕልና የማሙቖ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕለኺ ዝወረደ እሺ በሃሊት እመቤት፡ ውህደት እግዚኣብሔር ኣብ መንጎና ከምዝምለስ ግበሪ። ንስኺ 'ህያው ምንጪ ተስፋ' ኢኺ እሞ፡ ንድርቀት ልብና ኣርውዪ። ናይ ኢየሱስ ትስብእት ዝኣለምኪ ንስኺ ኢኺ እሞ፡ ናይ ውህደት ኣለምቲ ከም እንኸውን ግበርና። ብጐደናታትና ዝተጐዓዝኪ ኢኺ እሞ፡ ብጐደናታት ሰላም ምርሕና። ኣሜን።